# ፕሮግራም ውልቂ

ከምብሓድሽ ትምህርቲ’ዶ ክትጅምር’ዶ ትደሊ?
ምስ ናትካ ድላይ ዝተማዓራረየ ፕሮግራም ወሲድካ ክትመሃር’ዶ ትደሊ?
ኣብ ውሑዳት ዝኣባላታ ጉጅለ’ዶ ክትመሃር ትደሊ?
ኣብ ሓደ ስራሕ’ዶ ልምምድ ክትገብር ትደሊ?
ድሒርካ ኣብቲ ልሙድ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ’ዶ ክትጅምር ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ውልቂ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ብናትካ ውልቃዊ ድላይ ተተኻኺሉ ዝቐረበ ፕሮግራም እንተደኣ ተማሂርካ ትምህርትኻ ዛዚምካ በቲ ልሙድ ሃገር-ለኻዊ ፕሮገራም ካልኣይ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

ፕሮግራም ውልቂ፡ ኣብ ፕሮግራማት ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ ኮርሳት ከጠቓልል ይኽእል’ዩ። ሓደሓደ ኮርሳት ምስቶም ሃገር-ለኻውያን ፕሮግራማት መሪጾም ዚመሃሩ ብሓደ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ወይከኣ ንጉዕዞ ትምህርትኻ ዘተባብዕ ፍሉይ ሃዋህው የድልየካ ይኸውን።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ውልቂ ክትመሃር ከሎኻ መታን ብፍሉይ ሞያ ክትስልጥን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ኬድካ ትምህርትን ግብራዊ ተሞኩሮን ትቐስም። እዚ ኸኣ ትምህርትኻ ምስ ወዳእካ ኣብቲ ስራሕ ተልመደን ዘካየድካሉ ትካል ናይ ስራሕ ዕድል ኪኽፍተልካ ይኽእል።

እንተደኣ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክትቅጽል ድላይ አሎካ፡ ነቶም ኣብ ፕሮግራም ውልቂ ዘለዉ፡ ንቡር ፕሮግራም ካልኣይ ደረጃ ክትጅምር ዘኽእሉኻ ኮርሳት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪኡ ትምህርትኻ ብዕሊ ትቕጽል።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ውልቂ ተማሂርካ ምስ ወዳእካ እንታይ ስራሕ ከምትረክብ ብሓፈሻ ምፍላጥ ኣይከኣልን’ዩ። እቲ ትሕዝቶ ፕሮገራም’ዩ ዚውስኖ።

እንተደኣ ኣብ መጻኢ እንታይ ስራሕ ከምትደሊ ትፈልጥ ኮይንካ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ ብዛዕባ ዘድለዩኻ ዓይነት ኮርሳት ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ኣብ ፕሮግራም ውልቂ፡ ግዜኻ ኣብ ቦታ ስራሕ ንሓደ ወይ ንሓያለ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ከተሕልፍ ገፊሕ ዕድል ኣሎካ። ከንደይ ዝኣክል፡ ኣበይ፡ በቲ ዘድልየካን፡ ንስኻ ትደልዮን እዩ ዚውሰን።

ኣብ ሓደሓደ ኮሙናት፡ ሞያ ክትመሃር፡ ትምህርትኻ ምስ ስራሕ ኣጣሚርካ ኣብ ትካል ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ትምህርቲ ተልመደን ይበሃል። ኣብቲ ትነብረሉ ኮሙን ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ ተልመደን እንተልዩ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ሓቲትካ ኣረጋግጽ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ፕሮግራም ውልቂ ናትካ ድሌት ኣብ ግምት ብምእታው ዝተወሃሃደ ፕሮግራም ስለዝኾነ፡ ትምህርቲ ምስወዳእካ ብቐሊሉ ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን ምፍላጥ ኣይከኣልን'ዩ። ኣብቲ ንዓኻ ዘገድስ ጨንፈር ዝኣክል ስራሕ ዘሎን ዘየሎን ክትፈልጥ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወከስ። ኣብቲ ብዛዕባ ሃገር-ለኻውያን ፕሮግራማት ዚወጽእ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ስራሓት ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image